# ውግእ ክባራዕ ይኽእልዩ ዝብል ታህዲድ ስርዓት ኤርትራ

**ቤት ጽሕፈት ዜና**
**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**
**29.09.2005**

ንፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ወኪሉ፡ ኣብቲ ኣብ ክፍላ መስከረም ኣብ ኒውዮርክ እተጋብአ ሓፈሻዊ ኣኼባ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት እተሳተፈ ሚኒስተር ፊናንስ ኣቶ ብርሃነ ኣብርሀ፡ ሕቡራት ሃገራት ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ምስሕሓብ መፍትሒ ክትገብረሉ እንተደኣ ዘይኪኢላ፡ ምስ ኢትዮጵያ ሓድሽ ውግእ ክበራዕ ተኽእሎታት ኣሎ ክብል ሃዲዱ። ቀጺሉ፡ ኤርትራ መሬታ ንምምላስ ኵሉ ኣገባባት እንተላይ ውግእ ክጥቀም መሰል ኣለዋ ኢሉ። ሕቡራት ሃገራት ንተጐቢጡ ዘሎ መሬት ኤርትራ መፍትሒ ኣብ ምርካብ እንተደኣ ፈሺሉን፤ ብረታዊ ጐንጺ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት እንተደኣ ኣጋጢሙን ሓላፍነቱ ዝስከም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምዃኑ ኣመልኪቱ።

ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ ንዕማም ዓቃቢ ሰላም፡ ኣብቲ ካብ ሰራዊት እተኸልከለ ቦታታት ንተወሳኺ 6 ኣዋርሕ ማለት ክሳዕ መጋቢት 2006 ክናዋሕ ከምዝወሰነ ዝፍለጥ ኢዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ስርዓት ኢሳያስ ብሰንኪቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት እተባርዐ ኵናት ዝወረደ ጉድኣት ክሳዕ 500 ሚልዮን ዶላር ካሕሳ ክሓትት ምዃኑ ይሕበር።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኵነታት፡ መንግስቲ ኤርትራ ፍትዊ ገዛእን ብንያም ግርማይን እተሃብሉ ሰራሕተኛታት ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብምእሳሩ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ዘሎ ፍልልያት እናዛየደ ክመጽእ ተራእዩ። ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ናይ ኣመሪካ ቃል ውሃቢ፡ መንግስቲ ኣመሪካ እቶም እሱራት ክፍትሑ እኳ እንተጠለበት፡ ክሳዕ ሕጂ ዝኾነ ይኹን ክሲ ከይቀረበሎም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጕኖም ምህላዎም ኣረጋጊጹ። ስርዓት ኣስመራ ብ2001 ዓ.ም ክልተ ካልኦት ሰራሕተኛታት ኣምባሲ ኣመሪካ ኣሲሩ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። እዚ ከኣ፡ እቲ ስርዓት ብኣህጉራዊ ሕግታትን ዲፕሎማስይዊ ክብርታትን ልምድታትን ከምዘይቅየድ ኢዩ ዘመልክት።

# ሰበስልጣን ኤርትራ ንሱዳናውያን ዲፕሎማሰኛታት የበሳብስ ኣለው

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
**29.09.2005**

ጸጥታዊ ትካላት ስርዓት ኤርትራ፣ ዲፕሎማሰኛታት የፋራርሕን ይኣስርን ከምዘሎ ኣብ ኣስመራ ዝርከቡ ዘተኣማምኑ ዲፖሎማስያዊ ምንጪታት ሓቢሮም። በዓል ቤታ ንሓንቲ ኣሊ ኣሸሃር ሰላሕ እተባህለት ሱዳናዊት ዲፕሎማት፣ ኣብ ቅድሚ ዓይና ብጸጥታ ስርዓት ኣስመራ ክበሳበስ ተራእዩ። ከምኡ ውን፣ ንገለገለ ደቂ ኣንስትዮ ዲፕሎማሰኛታት መፋትሕ መኻይንን ወረቐት መንነትን ኣሕዲጎም ናብ ካርሸሊ ወሲዶመን። ሓደ ስሙ ክጠቅስ ዘይደለየ መኰንን ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፣ ንሱዳናውያን ዲፕሎማሰኛታት ነዊሕ ግዜ ዝወስድን ደቂቕ ፍተሻን ክግበረሎም ኣለዎ ዝብል መምርሒ ካብ ሰበስልጣን ኤርትራ ከምእተዋህቦም ገሊጹ።

ሰበስልጣን መንግስቲ ሱዳን ብዛዕባዚ ጉዳይዚ ክትዛረቡ እኳ እንተዘየደለዩ፤ ሕጂ ዝጅመር ዘሎ ሓድሽ ተግባር ስለዘይኰነ ግን ኣይገርሞምን ኢዩ። ምኽንያቱ፣ ስርዓት ኢሳያስ፣ ብ1994 ኻሮሉ ንዲፕሎምሲ ዝምልከት ኣህጉራዊ ሕግታትን ቅጥዕታትን ብምጥሓስ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ኤምባሲ ሱዳን ንተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ኣረኪቡ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።

ናይ ሱዳን ቀዳማይ ምኽትል ፕረሲደንት፣ ዓሊ ዑስማን ጠሃ፣ ብ21.09.2005 ኣብ ካርቱም ኣብ እተኻየደ "ጉባኤ ኣንጻር ራዕዲ"፥ ዝምድና ጐረባብቲ ሃገራት ከይተመሓየሸ፣ ናይ ሱዳን ናይ ሰላም ስምምዕ ክዕወት ኣይክእል ኢዩ ኢሉ። ነዚ ንምርግጋጽ፣ ስርዓት ኢሳያስ ዶባት ሰጊሩ ኣብ መሬት ሱዳን መጥቃዕትታት የካይድ ምህላውን፤ ምስ ኣስመራ ዘሎ ወጥርታት ንሰላምን ምርግጋእን ናይቲ ዞና ከምዘይሕግዝን ኣመልኪቱ። ቀጺሉ፣ ነዚ ወጥርታትዚ ንምስጋር ስርዓት ኤርትራ ናብ ቀጥታዊ ልዝብ ክኣቱን ነቲ ዝምድናታት ናብ ባህርያዊ ቦታኡ ክመልሶን ጸዊዑ። ዶክተር መጅዙብ ኣልኸሊፋ፣ ናይ ቀደም ሚኒስተር ሕርሻ ነበር፣ ኣብ ኣዳራሽ ስውእ ኣዙቤር ብ10 መስከረም ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፣ ምምሕያሽ ዝምድናታት ኣብ መንጐ ክልቲኣን ሃገራት ምስ ምቕያር ጠባያት ስርዓት ኢሳያስ እተኣሳሰረ ምዃኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፥ ግደ ስርዓት ኤርትራ ዓንቃፍን ብኣንጻር ናይተን ካልኦት ጐረባብቲ ሃገራት ንመስርሕ ሰላም ኣብ ሱዳን ንምዕዋት ዘካይድኦ ዘለዋ ጽዓታት ምዃኑን ኣቃሊዑ።